ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

## ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ 2010 ዝተዳለወ
## ውድባዊ መግለጺ ሰደግኤ

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዝቕደመን ዝዳሓረን መድረኻት ቃልሲ፡ ምእንቲ ምርግጋጽ ነጻነታዊ፣ ፍትሓውን ደሞክራሲያውን ሕቶታቶም፡ መዳርግቲ ኣልቦ ክቡር ዋጋ ከፊሎም'ዮም። ገና'ውን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንዘበርዓኖም ርትዓዊ ናይ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ማዕርነት፣ ፍትሕን ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለን ሕቶታቶም ንምውሓስ ኣብ ዘካይድዎ ዘለዉ ህዝባዊ ተጋድሎ፡ ዝኸፈል ዘሎ ከቢድ ዋጋ፡ ኣካል'ቲ ዝቐደመ ኮይኑ ይስነድ ምህላዉ ዘይከሓድ ሓቒ'ዩ። እዚ በጀ ህዝብን ሃገርን ዝተኸፍለ ሞባእ፡ ንናይ ሎምን ጽባሕን ኤርትራዊ ወለዶታት ውሑስ ህይወትን መጻኢ ብሩህ ተስፋን ዝተኸፍለ ብምዃኑ፡ ኣብ ጽላት-ልቢ እቶም ህልዋትን ተረኽብቲ ሕድርን ዝተኸትበ፡ ኣብ ሕልናና ወትሩ ክቃጭል ዝነብር ህያው ደወል መብጽዓን ሕድርን ሰማእታትና'ዩ። ነዚ ቃል መብጽዓ ሰማእታትና ምእዙዛት ምዃንና ነረጋግጸሉ ኣጋጣሚ ድማ፡ ኣብ ዓመት ሓንሳብ 20 ሰነ ብምጽባይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ወትሩ ኣብ ኣእምሮና ዝተቐርጸ ግቡእ ነባሪ ምላሽ ክሳብ ዝረክብ ዝቕጽል ሕድሪ ከም ዝኾነ ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ብጽንዓት ይኣምን።

ውድብና ሰደግኤ፡ ብዋጋ ክብርቲ ህይወቶም መዳርግቲ ኣልቦ ገዝሚ ሓርነት ዘግዘሙና ሰማእታት ኤርትራ፡ ወትሩ ክንዝክሮም፣ ንኽብሮም ክንውድስ፣ ንትሉም ጉዕዞ ቃልሶምን ሕድሮምን ክንቅጽሎ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ ዝተሰከምናዮ ዕዳ ከምዘሎና ብግቡእ ይግንዘብ'ዩ። ነዚ ዕዳ'ዚ ናይ ምኽፋል ታሪኻዊ ግዴታና ድማ፡ ናይ ወርትግ ዕዮታትና ቀላሲ መኣዝን ክኸውን ባህርያዊ'ዩ ይብል።

ኣብ ክሊ'ዚ መሰረታዊ ሓቒ'ዚ፡ ንስለ ዝኽሪ ሰማእታትና ዝተሰምየት ወግዓዊት ዕለት ክትህልው ውሁብ ምዃኑ ውድብና ብመትከል ይኣምን። ስለዝኾነ ድማ፡ ውድብና ኣብ ኣሰያይማ 20 ሰነ፡ ከም ኩሎም እቶም ዕቃበታት ዘለዎም ክፍልታት ሕብረተሰብና ናይ ገዛእ-ርእሱ ትዕዝብቲ ይሃልዎ ደኣምበር፡ ልዕሊ'ቲ ፍልልያት ኣበሪኹ ዝሰርዖ፡ ሕድሪ ሰማእታቱ ምውሓስን ቃሎም ምሕዳስን ብምዃኑ፡ ብደረጃ'ቲ ባህርያዊ መንፈስን ትርጉምን 20 ሰነ ካብ ምጽንባላ ቦኺሩ ኣይፈልጥን። ንመጻኢ'ውን ንመዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ዘለዎ ኣኽብሮት ቀጻሊ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ንዝኽሪ ሰማእታትና እንገብሮ ሕልናዊ ጸሎት፣ መብጽዓና ንምሕዳስን ንግብራውነቱ ምእዙዛት ምዃንና ንምግላጽ፡ መበገሲና ገምጋም ህልዊ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ክኸውን፡ ካብኡ ዝነቕል ከኣ ግቡእ ታሪኻውን ባህርያውን ተራና ከነለልይ ከም ዝሕግዘና ዘይከሓድ ሓቒ'ዩ። እዚ ድማ ብቐጥታዊ ትርጉሙ፡ ሰማእታትና ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉሉ ዕላማትታ ተዓዊቶም'ዶ? ካብ'ቲ ብመስዋእቶም ዝተረጋገጸ ዓወት፡ ህዝብታት ኤርትራ ደረጃ ብደረጃ ተረባሕቲ ይኾኑዶ ኣለዉ? ሰማእታትና ንህልዋት ዘውረሱዎ ሕድሪ እንታይ'ዩ? ኣበየናይ ደረጃኸ ይርከብ? ዝብሉ ክሳዳዊ ሕቶታት ብምልዓል መልሶም ክነቐምጥ ዝድርኽ'ዩ። ብመንጽር'ዚ እንክንርኢ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንሕድሪ ሰማእታትና ዘራኸሰ፡ ብማሕላን ጥልመትን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዓሊሙ ፖለቲካዊ ዝሙት ኣብ ልዕሊ ሰማእታት ኤርትራ ደጋጊሙ ክፍጽም ዝጸንሐን ዘሎን ገበነኛ ስርዓት'ዩ።

ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ኣብ ቦካር ንኽብሪ ሰማእታትና ኣብ ዝተሰመየት ዕለት 20 ሰነ፡ "<u>ድሕሪ ደጊም ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይፍቀድን'ዩ፡ ብሽም ውድባት ምጥቛስ ከም ከቢድ ገበን እዩ ዝቑጸር</u>" ክብል ኣብ ኣደባባይ ምእዋጁ ናይ'ቲ ኣብ ዕድመ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ዘርኣዮ ጥልመትን ክሕደትን ፈላሚ ጉዕዞኡ ምምሳሱ ዘግሃደ ኣብነት'ዩ። እዚ ምስ ዕላማታት ሰማእታት ብቐጥታ ዝተኣሳሰር፡ ኣብ ምፍጻም ሕድሮም መሰረታዊ ትርጉም ዘለዎ፡ ማእከላይ ሕቶን ከቢድ ዋጋ ዝኸፈሉሉን ዲሞክራስያዊ ዕላማ'ዩ። ከም ባህጊ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኩሎም ኤርትራውያን፡ ፖለቲካዊ ርእይቶታቶም ብዘየድስ፡ ኣብ'ታ ውልዶ ኤርትራ፡ ቅዋማዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ምትካልን ምዕሩይ ማሕበረ ቁጠባዊ ረብሓታት ህዝብታትና ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ-ህንጸት ማዕረ-ሱታፌ ክህልዎም'ዩ ኔሩ። ነዚ ሕድሪ'ዚ ተቐቢሉ መቓብሮም ተሳጊሩ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ዝተወጠሐ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ግን፡ ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎ ተራ ንዝነበሮም ውድባት፡ ነጻን ሰላማውን ፖሎቲካዊ ምንቅስቓስ ናይ ምክያድ ዕድሎም ነፊጉ፡ ንህንጸት ቅዋማዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት ኣበርዒንዎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ህዝብታት ኤርትራ ብነጻነት ክንቀሳቐሱ፣ ኣብ ዝመሰሎም ፖለቲካዊ ውድብ ክውደቡ፣ ክቃወሙን ክድግፉን ዘለዎም ደሞክራሲያዊ መሰል ብምዕፋን፡ ኤርትራ ብሕታዊት ሕዛእቱ ጥራሕ ክትከውን ገበረ።

እዚ ሓደገኛ ፈላማይ ፋሽስታዊ ኣዋጅ'ዚ፡ ንንቡር ፖሎቲካዊ ፍልልያት ካብ ዘይጻውር ጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህሪ ናይ'ዚ ጉጅለ'ዚ ዝብገስ ሕዱር ሕማም ዝወለዶ ብምኳኑ፡ ካብ ፍቓድን ቀጽጽርን ናይ'ቲ ስርዓት ዝተፈለየ ፖለቲካዊ ኣማራጺታት ዘለዎም ሓይልታት ይኹኑ ውልቀ ዜጋታት፡ ብናይ ሓይሊ ስነ-ሞጎት ንኽጭፍልቆም ተሃንዲዱ ከምዝተበገሰ ዘተምብህ'ዩ ኔሩ። ስለዝኾነ ከኣ እዚ ስጉምቲ'ዚ ሽው ንሽዑ ናይ ሰላም ኣማራጺታት ለኩቱ፡ ነባራት ግርጭታት ክባልሑን ሓደሽቲ ግርጭታት ክዓኩን ገበረ። ከም ሳዕቤኑ እታ ብመስዋእቲ ብሉጻት ደቃ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተናጊፋ ባብ ሓድሽ ምዕራፍ ነጻነትን ሓርነትን ዘበሰረት ሃገርና፡ ናብ ካልእ ዓውደ-ኲናት ክትሽመም ፈረዳ።

እዚ ገና ምድሪ ከይወግሐ፡ ኣብ ንእዲ-ሕጹኖቱ እናሃለወ ዝተጠጀአ ውዲት፡ ሎሚ ብውሽጥን ብግዳምን ብዝጻሕቶሮ ናይ እብረ-ኲናታት ንህዝብን ሃገርን ይሕምሶም ምህላዉ ንቐባሪ ከም ምርዳእ'ዩ ዝቐጽር። ንኤርትራ ኣልቦ ቅዋማዊ ስርዓትን ዲሞክራስያዊ ምርጫን ዝገበረ፡ ብዘይ ሓታቲ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ዘሕምቐ ስርዓት ዝደኮነ፡ ኤርትራ በይናዊ ሕዛእቱ ብምግባር ብዋጋ ህዝብን ሃገርን ክጣላዕ ኣፍደገ ዝኸፈተ፡ እቲ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ፡ ዝተኣወጀ ናይ ዕንወትን ኵናትን ኣዋጅ'ዩ። ንዜጋታት ብዘይ ክስን ፍርድን ኣብ ጋህሲ ቤት ማእሰርትታት ዝዳጉኖም ዘሎን ሃገር ብምልእታ ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ናይ ዜጋታታ ዝቐየረ፡ እቲ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝተደስኮረ ኣዋጅ ዝመርሖ ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ተግባራዊ ምንቅስቓስ እዩ። ምስ ጎረባብ'ቲ ህዝብታትን መንግስታትን ብማይ-ቀጠነ ሴፍ ዝማዝዝ ዘሎ፡ ሃፈጽታ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሓይልታቱን ዝተኣወጀ ፋሽስታዊ ኲናት'ምበር ብሰማይ ዝነጠበ ሓጥያት ኣይኮነን። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ብንቡር ፍልልያት ዝብህርር፡ ንኲናት ዘምልኽ ፋሽስታዊ መሪሕነት ኢሳይያስ፡ ዝተኸተሎ ሓደገኛ ጠረኛ ኣንፈት፡ ኤርትራ ሕሉባን ንጹፋን ብኲናት ተሃንኲቱ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ጥፍኣትን ብርሰትን ተሳጢሖም ኣለዉ።

ሎሚ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተሸሚሞሞ ዘለዉ ዓሚቕ ቁጠባዊ ድኽነት፣ ትሕቲ ግኡዝ-ኣቕሓ ዝሰርዕ ሰብኣዊ ክብሪ፣ ዘየቋርጽ ግዱድ ወተሃደራውን ጊላውን ህይወት ዜጋታት፣ ስእነት ሰላም፣ ፍትሒ፣ ሱር ዝሰደደ ብኩራት ማሕበራዊ ውሕስነት፣ ጥሜትን ዓጸቦን፣ ምብራዝ ያታውያንን ክቡራትን ባህላዊ ውርሻታት፣ ዓሚቕ ናይ ተነጽሎነት ሓደጋ ...ወዘተ መግለጺ ናይ'ዚ ኣብ ልዕሊ ሰማእታት ኤርትራን መብጽዓታቶምን ዝተፈጸመ ታሪኻዊ ክሕደት'ዩ።

ልዕሊ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ጥረ-ሓቂ፡ ኣዝዩ ዝመረረን ዘቀንዝውን ድማ፡ ንድሌታት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ንምምላእ፡ ህይወት ኣእላፍ ንጹሃት ዜጋታት ንከንቱ ክሃልቕ ኮይኑ'ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብውሽጥን ብግዳምን ዝወልዖ ፋሽስታዊ ኲናት፡ ንመሰረታዊ ዕላማታት ሰማእታትናን ሕድሮምን ብሰንጣቕ ዝጻረር ምኳኑ ድማ ኣሉ ዘይበሃሎ ሓቂ'ዩ። ብሰሪ'ዚ ስድራ-ቤታት ኤርትራ ተገዲዶም ከቢድ ዋጋ ክኸፍሉ ኮይኖም'ዮም። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ሎሚ ኤርትራ ብቑጽሪ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝኸፈለቶ ክቡር ዋጋ ሰማእታት ዝዛይድ፡ ንሕድሮምን ዝወደቑሉ ዕላማን ኣብ ዝጻረር ፋሽስታዊ ወራርን ኲናትን ዝኸሰረቶም ደቃ ይበዝሑ ጥራይ ዘይኮነ፡ መደበር ዘኻትም ስድራ ቤታት'ውን ኮይና ኣላ። ብኽንድኡ ንስደት ዝውሕዙ ዘለዉ ዜጋታትና ማእለያ የብሎምን። እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ስድራ-ቤታት ከኣ ብፍላይ፡ ዝዝንብይ ዘሎ ሓደጋ ብርሰት፡ ዘላቒ መዕገቲ ዝተረኽበሉ ኣይኮነን።

እዚ ኣብ ላዕሊ ክንጽብጽቦ ዝጸናሕና መሰረታዊ ሓቅታት፡ ርኡይን ጉሉህን ዝንበብ ምስሊ ኤርትራ እናሃለወ፡ ህግደፋውያን ከም መውጽኢ ኣፎም ስም ሰማእታትና እናኮማስዑ “..ሕድሪ ሰምእታትና ኣብ መዕለቢኡ በጺሑ'ሎ፤ ሃገር ውሕስነታ ተረጋጊጹ፤ ማሕበራዊ ሽግራት ስድራ-ስውኣት ንምቅላል ናይ ገንዘብ ሓገዝ ተጌሩ፡”….ወዘተ ዝብል ተዋስኦ፡ ኣብ ድሮ መዓልቲ ሰማእታት የስምዑ ምህላዎም፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ጀጋኑ ደቆም ዝኸፈሉ፡ ቁሊሕ በሃሊ ስኢኖም ቆርበቶም ዝጠውለገን ብምሒር ሕሰም ሰውነቶም ዝተጎድአ ወለዲ ሰማእታት ብፍላይ፡ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝብታት ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ ዘለዎም ንዕቀት ካብ ምርኣይ ሓሊፉ ጣቋ የብሉን'ዩ። እቲ ኣብ ባይታ ኤርትራ ዘሎ ዘይምስጠር ሓቂ ግን፡ ወለዲ ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ፡ ደበስ ደቆም ክረኽቡ ዘይኮነስ፡ ተረፍ ሞት ዝኾኑን ሓድሽቲ ዝቦቖሉ ደቆምን ብጭካነ እናተመንጠሉ፡ ብጽሙዋን ኣልቦ ሓብሓብን ቀባርን ይሓልፉ ምህላዎም ቅርዓት ሃገርና ዓው ኢሉ ዝምስክሮ ዘሎ እዩ።

ኣብ'ዚ ክቡር መዓልቲ ሰማእታት፡ ብዛዕባ ዓይኑ ዘፍጠጠ ክሕደትን ጥልመትን ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ደጋጊምካ ምዝንታው ንቐባሪ ምርዳእ ብምኳኑ፡ ካብዚ ሰጊርና ብዛዕባ እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ መዋጽኦ ምእንፋት ውድባዊ ግቡእና እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝሓዘላ እዋን ጀሚሩ ሕድሪ ሰማእታትና ብምጥላም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ በብእዋኑ ንሓደጋ ብርሰትን እናሳጥሖም ኣብ ዝመጸሉ እዋን፡ ግብረ መልሲ ሓይሊ ተቓውሞና'ኸ እንታይ ነበረን ኣሎን? ንመጻኢ'ኸ ተስፍኡ እንታይኮን ይኸውን? ኢልካ ምልዓል ዘይስገር ክሳዳዊ ሕቶ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ 19 ዓመታት ሓይሊ ተቓውሞና ብስእነት ቅኑዕ ራእይ ካብ ቀንዲ ኣጀንዳኡ ወጺኡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቱ ተጸሚዱ ካብ ዕንክሊል ከይተናገፈ፡ ኣብ ሕድሕዱ ብካልኣዊ ፍልልያት እናተቐራቐሰ ምምጽኡ ዘይሕባእ ምስጢር እዩ። ስለዝኾነ'ውን

*ህዝብታትናን ፈተውትናን "**ኣንታ እምበርዶ እዚኦም ጸላኢና ዝብሉዎ ኣሎዎም?**" ዝብል ትዕዝብቶም ብሕቶ መልክዕ ከንብሩ ጸኒሖም'ዮም። ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ 10 ዓመታት፡ ኣብ ትሕቲ ንኡስ ናይ ሓባር ዕላማታት፡ ብሽም ምሕዝነት ይኹን ኤዲኪ ተጠርኒፎም ምቅላሶም ከም ኣወንታዊ ስጉምቲ ዝተራእየ'ኳ እንተኾነ፡ ብጭቡጥ እንክረአ፡ ሕድሪ ሰማእታት ኤርትራ ምሕዳስ ይትረፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ በብእዋኑ እናንጸላለወ ዝመጸ ናይ ብርሰትን ምብትታን ሓደጋ ኣብ ምዕጻፍ ዝጭበጥ ናይ ቃልሲ ግደኦም ኣየበርከቱን። ስለዝኾነ'ውን ሓይልታት ተቓውሞና ብተናጸል ይኹን ብእኩብ፡ ኣብ ልቢ ህዝብታት ኤርትራ ግቡእ ስፍራ ዘይረኸቡን ኣወንታዊ ትጽቢት ዘይተነበረሎም ኮይኖም ምጽንሖም ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ግፍዕታትን በደላትን ኣብ ምምካት ምድካሞም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብፈላሊኻ ናይ ምግዛእ ፖሊሲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ በብእዋኑ እናላሕልሐ ዝመጸ ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ምግዳድ ኣሉታዊ ተራ ክጻወቱ ምጽንሖምን ምህላዎምን ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን።*

*"**ክንብል በለ'ምበር ኣይፈሰሰን**" ከምዝበሃል ሎሚ'ውን ህዝብታት ኤርትራ ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ኣብ ምድሓን ሓይልታት ተቓውሞ ተርኦም መሊኡ ኣይተቐበጸን ዘሎ። ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብህዝብታት ኤርትራ ዓብይ ትጽቢት ተገይሩሉ ዘሎ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ዝተቐመጠሉ እዋን ብብኞዓትን ጽፈትን ኣሰላሲሎም ክወጹ እንተኽኢሎም፡ ሕድሪ ሰማእታት ምኽባርን ደበስ ነቶም ዝተጠልሙ ህዝብታትና ምኽፋል ከም ዝቑጸር ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ መስርሕ ምስንዳው ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝተኸሰተ ፍልልይ፡ ኣብ ህዝብታትናን መሰረታት ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩ ምጽንሑን ምህላዉን ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን። በቲ ካልእ ድማ ህዝብታትና፣ ሲቪክ ማሕበራትን መሰረታት ኣባላት ውድባት ተቓውሞን ከቕርቡዎ ዝጸንሑ ለበዋ፣ ዝምልከቶም ኣባላት ውድባት ኪዳን ዝተሸከሙዎ ሓላፍነት ኣብ ምፍጻም ዘጋጠሞም ጊዝያዊ ዕንቅፋታት ንምፍታሕ ዘካይዱዎ ዘለዉ ልዝባትን ደገፍ ፈተውቲ ቃልስናን ብኣወንታ ዝረአ ብምዃኑ ተጠናኺሩ ክቕጽል ይህልዎ። ኣብ መደምደምታ ድማ መላእ ሓይልታት ተቓውሞ፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ ፖሎቲካዊ ጉጅለታት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ-ሰባት፣ ሙሁራንን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ሕብረተሰብና(መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን)፡ ዝሳተፉሉ ታሪኻዊ ዋዕላ ክኸውን ክጽዕቱ በዚ ክቡር ዕለተ-ሰማእታት መጸዋዕታና ነቕርብ። ብእምነት ውድብና ሰደግኤ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ህዝብን ሃገር ኤርትራ፡ ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ከም'ቲ ዝሓለፈ ኣብ ጸቢብ ውድባውን ጉጅላውን ኣጀንዳ ተሓጺሮም፣ ምጽውዋርን ምክብባርን ኣብኵሮም፡ እንደገና ናይ ቃልሲ መንኮርኮር ንድሕሪት ክመልሱ ወይ ደው ከብሉ እንተፈቲኖም፡ ኣብ መጻኢ ክጸሩዎ ዘይክእሉ ከቢድ ሸኽም ክድዕኑ ከምዝኾኑ ክግንዘቡዎ ኣሎዎም በሃሊ እዩ። ኣብ'ዚ ኣዝዩ ተኣፋፊ መድረኽ፡ ኣብ ታሪኽ ዝዝከር፡ ሓቢርካን ተኸባቢርካን ምቅላስ፡ ህዝብን ሃገርን ብሓደ ቅልጽም ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ሓደጋ ብርሰት ናይ ምድሓን ስጉምቲ ምውሳድ፡ ሕድሪ ሰማእታትናን እዋናዊ ትጽቢት ህዝብታት ኤርትራን ምዃኑ ምግንዛብ፡ ጽባሕ ወይ ድሕሪ-ጽባሕ ዘይኮነስ እዋኑ ሎሚ ምዃኑ ደጊምና ብሽም መዓልቲ ሰማእታትና ነዘኻኽር።*

*መንእሰያት ኤርትራ፡ ህዝብታቶም ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ናብ ዝሽመሙሉ ዘለዉ ሕሱም ወቕቲ፡ ክንዲ ሙዑት ቃልሲ ምክያድ፡ ምርጨኦም ርሑቕ ስደት ይኸውን ምህላዉ ዘይሕባእ ምስጢር እዩ። ኣዝዩ ድኹምን ብቱንን ኣተሃላልዋ ሓይሊ ተቓውሞን ግጉይ ኣተኣላልያኦምን ንሰፊሕ ዋሕዚ ስደት መንእሰያት ኣሉታዊ ተርኡ ይጻወት ምህላዉ ዘይከሓድ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ነቲ ብዝተናውሐ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራን ከቢድ መስዋእቲ ብሉጻት ደቂ ህዝብን ነጻነታን ልኣላውነታን ዝተጎናጸፈት ክብርቲ ሃገርና፡ ተረከብቲ ሕድራ ዝኾኑ መንእሰያት፡ ንፋሽስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ኩቦ ደርብዮምላ፡ ሃጽ ኢሎም ከም ደቂ ዛግራ ክብተኑ ግቡእ ከምዘይኮነ፡ ኣብ መዓልቲ ሰማእታትና ኣጽንኦት ሂብና ክንሕብር ንፈቱ። ኩሎም ውሽጣዊ ይኹኑ ግዳማዊ ጸገማት፡ ብሕኑን ቃልሲ ካብ ምዕራዮም ወጻኢ፡ በብውልቕኻ ኣርሒቕካ ምስዳድን ዕልምልምካ ምጥፋእን፡ ዘላቒ መፍትሒ ብፍጹም ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንዘላኣለም ከም እሾኽ ዝወግእ ሕማቕ ታሪኽ ብምዃኑ መንእሰይ ወለዶና ደጋጊሙ ክሓስበሉ ዘለዎን ናይ ለውጢ ጭዋዳታቱ ክውድር ዝግበኦ እዋን ሎሚ ምዃኑ ክግንዘብ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታትና መዘኻከሪና ነቕርብ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ከም ኣካል ኣምሳል ሓይልታት ተቓውሞ መጠን፡ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ዝነበሩዎ ሕጽረታት ብነቐፌታዊ መንገዲ እናኣረመ፡ ኣወንታታቱ ድማ እናዓቀበ፡ ንዝተጠለሙ ሕድርታት ሰማእታትና ኣጽኒዑ ብምሓዝ፡ ዝበርዓኑ ዕላማታትን ትጽቢታትን ህዝብታት ኤርትራ ንምዕዋት ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልሲ፡ ብዝለዓለ ህዝባውን ዲሞክራስያውን ወነን ሕራነን ከምዝቕጽለሉ ብሽም መዓልቲ ሰማእታትና ደጊሙ ቃል ይኣቱ።*

*ዘለኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!!*
*ዓወት ንደሞክራሲያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ!!*
*ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት (ሰደግኤ)*
20 ሰነ 2010